ABCON – Research & Consulting
Social, marketing & opinion researchers

AFRO BAROMETER
Let the people have a say

ኣዲስ ኣባባ፤ኢትዮጵያ ጥቅምቲ 20, 2013 ዓ.ም.

# መግለፂ ፕረስ

## ኣዝዮም ዝበዝሑ ኢትዮጵያውያን ዲሞክራሲ ይድግፉን ፤ ተሓታትነት ዘለዎ መንግስቲ ንኽህሉ እውን ይደልዩ፡፡

ዝዓዘዘ ቑፅሪ ዘለዎም ኢትዮጵያውያን ዲሞክራሲ ይድግፉን ንፀረ-ዲሞክራሲ ገዛእቲ ይነፅጉን። እዚኦም ከዓ ከም ናይ ሓደ ውድብ ፖለቲካ ኣገዛዝኣ/ምሕደራ ፤ ወታደራዊ ስርዓትን ናይ ውልቐ ምልኪን (ናይ ውልቐ ሰብ ኣገዛዝኣን) ዝኣመሰሉ እዮም።እዚ ብጣዕሚ ናይ ቀረባ እዋን ዳህሳስ ኣፍሮ ባሮሜትር ከም ዘርእዮ;

ዝበዝሑ ኢትዮጵያዊያን ብዜጋታት ተሓታቲ ዝኾነ መንግስቲ ንኽህሉ ይደልዩ ፤ ቀዳማይ ሚኒስቴር እውን ብቤትምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ክትትል ዝግበረሉን ተፀዋዕነቱ ንዚ ቤትምኽሪ ዝኾነን ኢሉ እውን ብህዝቢ ዝተመረፁ ተወከልቲ ሕዝቢ ተጻዋዕነቶም ንዝወከሎም ህዝቢ ክኸውን ይደልዩ፡፡

ብተወሳኺ እዚ ፅንዓት ፍርቂ ዝኾኑ ኢትዮጵያውያን ሀገሮም ምስ ክፍተቱ ዲሞክራሲያዊት እያ ወይከዓ ምንም ዓይነት ናይ ዲሞክራሲ ሽታ ዘይብላ ከም ዝኾነት ይኣምኑን፤ሕዚውን ልዕሊ ፍርቂ ዝኾኑ ድማ ኣብ ሀገሮም ኣብ ስራሕ ዝርከብ ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ዕጉባት ከምዘይኮኑ ይገልፁ፡፡

## ቐንዲ ውጺኢታት

- ኣዝዮም ዝበዝሑ (90%) ዝኾኑ ኢትዮጵያዊያን ዲሞክራሲ ይድግፉ/ይመርፁ፤ካብ ዝኾነ ይኹን ካሊእ ዓይነት ምሕደራ፤ ብተወሳኺ ዝዓዘዘ ቑፅሪ ዘለዎም ዲሞክራሲያዊ ዘይኮነ ስርዓተ-መንግስቲ ይነፅግዎ/ ኣይቕበሉን፤ ናይ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ምሕደራ (77%) ይነፅግዎ, ወታደራዊ ኣገዛዝኣ (76%) ይነፅግዎ ከምኡ ከዓ ኣሃዳዊ ስርዓት/ኣገዛዝኣ (84%) ይነፅግዎ (ስእሊ 1) ምርኣይ ይከኣል እዩ።

- ካብ ሰለስተ እቶም ክልተ (2/3) ኢትዮጵያዊያን (65%) ዝኾኑ ብዘይካ ናይ ዜጋታት እታወታትን *"ናይ ምፍፃም ዓቕሙ ክብ ዝበለ"* ንዜጋታት ተፀዋዒ ዝኾነ መንግስቲ ይድግፉ/ይመርፁ፤ (ስእሊ 2).

- (7/10) ካብ ዓሰርተ እቶም ሸውዓተ 69% ዝኾኑ ኢትዮጵያዊያን ድማ ተጻዋዕነቱ ንቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ዝኾነ ቀዳማይ ሚኒስቴር ክህሉ ይደልዩ፤(ስእሊ 3).

- (4/5) ካብ ሓሙሽተ እቶም ኣርባዕተ 79% ዝኾኑ ዝተመረፁ ተወከልቲ ህዝቢ ንዝመረፆም ህዝቢ ሪኢቶ ክሰምዑን ህዝቢ ዝደለዮ ክገብሩን ኣለዎም ይብሉ፡፡ (ስእሊ 4).

- ፍርቂ (50%) ዝኾኑ ኢትዮጵያውያን ሀገሮም ምስ ዓብይ ክፍተቱ ዲሞክራሲያዊት እያ ወይከዓ ምንም ዓይነት ናይ ዲሞክራሲ ሽታ ዘይብላ ከም ዝኾነት ብዝብል ይኣምኑ፡፡(ስእሊ 5).

- እቲ ዝበዝሐ ክፋል (54%) ዝኾኑ ኢትዮጵያውያን ኣብ ሀገሮም ብዘሎ መስርሕ ዲሞክራሲ ዕጉባት ከምዘይኮኑ ይገልፁ፡፡

## ዳህሳስ አፍሮ-ባሮመትርብዝሕ ዝበሉ

ኣፍሮ-ባሮመትር ካብ ውግንና ዝኾነ ኣይነት ፖለቲካ ነፃ ዝኾነ ፓን-ኣፍሪቃዊ ናይ ምርምር መርበብ እንትኾን ሓቃዊ/ተኣማኒ ዝኾኑ ናይ ዲሞክራሲ፣ምሕደራን ፅፈት/ዓይነት ናብራን ኣብ ዝተመልከቱ ዛዕባታት ኣትኲሩ ይሰርሕ ። ካብ 1999 ክሳብ 2018 ኣብ 38 ሃገራት 7ተ ዙር መጽናዕትታት ኣካይዱ እዩ ። ብተውሳኺ ኣብ 2019/2020 8ይ ዙር መጽናዕቲ ኣብ 35 ሃግራት ንምስላጥ ትልሚ ሒዙ ይርከብ ። ኣፍሮ-ባሮመትር ዘካይዶም መጽናዕትታት ሃገራዊ ውክልና ዘረጋግጹ ብመልሲ ውሃብቲ ቋንቋ ዝተዳለውን ናይ ገፅ ንገፅ ቓለ-መሕትት ዘጠቓልሉን እዮም።

ጉጅለ ኣፍሮ-ባሮመትር ኢትዮጵያ ብፍሪዶም ሃውስ እንዳተሓገዘ ፥ ብኣብኮን ኮንሳልቲንግ ሃውስ እንዳተመርሐ ኣብ ወርሒታት ታሕሳስ 2019ን ጥሪ 2020ን ን2400 ንዓቕመ ኣዳም ዝበጽሑ ኢትዮጵያውያን ቓለ-መሕተት ገይሩ ነይሩ። በዚ መሰረት ብደረጃ ሃገር ብውሕድ መጠነ ገጋን (ማለትእውን+/-2 ሚእታዊ) ብ95% confidence level ንወካሊ ዝኾነ በዝሒ ናሙና ወሲዱ እዩ ሰሪሑ። ቕድሚ ሐዚ እውን ኣብ 2013 ኣብ ኢትዮጵያ ተመሳሳሊ ዳህሳስ ኣካይዱ ነይሩ።

## ቻርትታት፤

### ስእሊ1. ኢትዮጵያ ብኸመይ ክትመሓደር ከምዘለዋን? /ኢትዮጵያ/2020




**ንመልሲ ወሃብቲ ዝቐረብሎም ሕቶታት-**

*ካብዞም ዝቕጽሉ/ ዝስዕቡ ሰለስተ መማረፂታት ኣየኒኦም ንሓሳብኩም ይቐርቡ ? (% ምስ ሪኢቶ 1 ዝተሰማምዐ)*

- *ሪኢቶ1. ካብ ኩሎም ዓይነት ምሕደራ ዲሞክራሲያዊ መንግስቲ ተመራፂ እዩ፤*
- *ሪኢቶ 2. ኣብ ሓደ ሓደ ኩነታት ዲሞክራሲያዊ ዘይኮነ ተመራፂ ዝኾነሉ ኩነታት ኣሎ፤*
- *ሪኢቶ 3. ገሉ-ሰብ ከማይ ዝመሰሉ ፤እንታይ ዓይነት ባህሪያት መንግስቲ ይሃልወና ዝብል ኣየገድስን፤*

*ሓደ ሀገር ንምምሕዳር ብዙሓት መንገድታት ኣለዉ ፡፡ ካብዞም ዝስዕቡ መማረፂታት ኣየኒኦም መንገዲ ምሕደራ ትድግፉን ትቃወሙን?*

- *ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ጥራሕ ንመረፃ ክፍቀደሉን ስልጣን ክሕዝን ይግባእ፤*
- *ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር እዩ ስልጣን ሒዙ ክመሓድር ዘለዎ፤*
- *መረፃን ተወከልቲ ህዝቢ ዝበሃሉን ኣሊኻ/ኣወጊድካ ቀዳማይ ሚኒስቴር ኣብ ኩሉ ነገር ክውስኖ/ክቆጻጸሮ ይግባእ፤*

*(% ኣብ ሕድ ሕድ መማረፂ መን እዩ “ዝተቓወመ” ወይከዓ “ብጣእሚ ዝተቓወመ)*

### (ስእሊ.2) ናይ መንግስቲ ተሓታትነትን ብመንፅር ውፅኢታውነትን /ኢትዮጵያ/2020




**ንመልሲ ወሃብቲ ዝቐረብሎም ሕቶታት- ምስ ኩሎም**

*ካብዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ኣየንኡ ንዓኹም ይቐርብ?*

- *ሪኢቶ1. ዋላ እኳኣብ ተሳትፎ ሕዝቢ እንተዘይሃለወ፤ ናይ ምፍፃም ዓቕሙ ክብ ዝበለ መንግስቲ ምህላዉ ብጣዕሚ ጠቓሚ እዩ፤*

*ሪኢቶ 2. ዋላ እኳ ኣብ ውሳነታት ምዝንጋዕ ክፈጥር ዝኽእል እንተኾነ ፤ ዜጋታት ክቆፃፀርዎ ዝኽእሉ መንግስቲ ምህላዉ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ፡፡*

*(% ኣብ ሕድ ሕድ መማረፂ መን እዩ "ዝተሰማምዐ" ወይከዓ "ብጣእሚ ዝተሰማምዐ)*

**(ስእሊ.3) ቀዳማይ ሚኒስቴሩ ኣብ ትሕቲ ተወከልቲ ህዝቢ ቤት ምኽሪ/ፓርላማ ቁፅፅር/ክትትል ዝግበረሉ፤ ብመንፅር ብነፃነት ብባዕሉ ብዘይ ተሓታትነት ዝንቀሳቐስን /ኢትዮጵያ/2020**




**ንመልሲ ወሃብቲ ዝቐረብሎም ሕቶታት-**

*ካብዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ኣየንኡ ንዓኹም ይቐርብ?*

- *ሪኢቶ 1. ቀዳማይ ሚኒስቴር እዛ ሀገር ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ቐሪቡ ገንዘብ ህዝቢ ኣበይ ይውዕል ከምዘሎ ብቢእዋኑ ገለፃ ክገብር ኣለዎ፤*

*ሪኢቶ 2. ቀዳማይ ሚኒስቴር እዛ ሀገር ኣብ ክንዲ ተግባራቱ ክረድእ ግዝ ዘጥፍእ ንዕብየት እዛ ሀገር ቀዳምነት ሂቡ ክሰርሕ ይግባእ፤*

*(% ኣብ ሕድ ሕድ መማረፂ መን እዩ "ዝተሰማምዐ" ወይከዓ "ብጣእሚ ዝተሰማምዐ)*

Copyright ©Afrobarometer 2020

**(ስእሊ.4) ዝተመረፁ ሰብ ስልጣን/ሓለፍቲ መረፅቶም/ዝተወከልሉ ህዝቢ ዝደልይዎ ክገብሩሎም ኣለዎም ወይከዓ ናይ ባዕሎም ሓሳብ ክኸተሉ ኣለዎም፤/ኢትዮጵያ/2020**




**ንመልሲ ወሃብቲ ዝቐረብሎም ሕቶታት-**

*ካብዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ኣየንኡ ንዓኹም ይቐርብ?*

- *ሪኢቶ 1. ዝተመረፁ ተወከልትና/መራሕቲ ንዝመረፆም ህዝቢ ከዳምፁን ህዝቢ ዝደለዮ ክገብሩን ግድን እዩ፤*
- *ሪኢቶ 2. ዝተመረፁ ተወከልትና/መራሕቲ ንሃገርና ይጠቅም እዩ ዝብልዎ ናይ ውልቆም/ ብሕቶም ሓሳብ ከሰጉሙ ይግባእ*

  *(% ኣብ ሕድ ሕድ መማረፂ መን እዩ "ዝተሰማምዐ" ወይከዓ "ብጣእሚ ዝተሰማምዐ)*

**(ስእሊ.5) ኢትዮጵያ ክንደየናይ ዲሞክራሲያዊት እያ /ኢትዮጵያ/2020**

ዲሞክራሲያዊት ኣይኮነትን/ ዲሞክራሲያዊት ምስ ብዙሕ ፀገማት (50%) ዝብሉ ኮይኖም ፤ሙሉእ ብምሉእ ዲሞክራሲያዊት /ዲሞክራሲያዊት፤ግና ምስ ውሑድ ፀገማታ (48%) ዝብሉ፤




Copyright ©Afrobarometer 2020

## ንመልሲ ወሃብቲ ዝቐረብሎም ሕቶታት-

ብናትኩም ሪኢቶ፤ኣብዚ ሕዚ ግዘ ናይ ኢትዮጵያ ዲሞክራሲ ክንደየናይ እዩ?

**(ስእሊ.5) ብሓፈሻ ብዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ኢትዮጵያ ክንደየናይ ዓጊብኩም? /ኢትዮጵያ/2020**




**ንዝበለፀ ሓበሬታ ፤በጃኹም ቀፂሉ ዘሎ ሽምን ቑፅሪ ስልክን ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም፤**


Mulu Teka
National Investigator
ABCON – Research & Consulting
Tel +251 973 077 414, +251 115 531 470, +251 115 521 696, +251 115 537 061
mulu.mtg@gmail.com / info@abconltd.et
Addis Ababa, Ethiopia


Visit us online at:
**www.afrobarometer.org**
**www.abconltd.et**

Follow our releases on #VoicesAfrica.

/Afrobarometer @Afrobarometer Afrobarometer

Copyright ©Afrobarometer 2020